## <u>መድረኽ ።</u>

መድረኽ ኣብ እርጋኑ ዝዓወለ፡

ሃገርን ህዝብን ኪሒዱ ዝኾበለለ፡

ዶብ ሰጊሩ ኣዲስ መቐለ እንተበለ፡

ከይተበገሰ ብንኡሱ ፈሸለ።

ጸረ ሃጸይነት ዝነበረ ቃልሲ፡

ሎሚ ድኣ ካበይ መጸ ሓድሽ ፈውሲ፡

ሕድሪ ኣረሲዑ እሙሮ ዝሃሲ።

ዘይመሃር ካብ ውዕሎ ኣዋሳ፡

ነንሕድሕዳ ተባላሊዓ ከም ዓሳ፡

ተበተነት ከብቲ ከምዘይብለን ጓሳ፡

ዊዒሉ ሃዲሩ ነይተርፎ ናይ ሓፋሽ ኣበሳ።

መድረኽ ሚዛኑ ፎኪስ ከም ዓንቋ፡

መእሰሪ ዘይብሉ ዱሑር ቋንቋ፡

ዓዘፍዘፍ ዝብል ዘይብሉ ጣቋ፡

ባዕሉ ኣትዩ ኣብ <u>ህዋሓት</u> መሾንቆቒ።

ጽምኢ ስልጣን ከምዚ'ድዩ ዝገብር፡

ከም ዕቡድ ከልቢ ዘብል ዕግርግር፡

ሃጸፍጸፍ ኣቢሉ ዶብ ዘስግር፡

መድረኽ ሕሰቡሉ ይኣክል ድንግርግር።

መድረኻውያን ካብ እምባ ባዕሎም ዝጸደፉ፡

ሓንሳብ ካብ ኮነስ ኢሎም ሓደ ኣፉ፡

መን ምስ ጠወቕም'ዮም ክንድዚ ዘህተፍትፉ፡

ግደፉ ህድእ ኢልኩም ጽቡቅ ኣስተንፉሱ።

ንዓኹም ዝወለደት ከብዳ ሓሪራ፡

ትማሊ ኣደ ተጋዳላይ ትበሃል ኔራ፡

ሎሚ ርእሳ ኣድኒና ፍጹም ሓፊራ፡

እዚ'ዶ ምተፈድየት ኤርትራዊት ስድራ።

ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት

ዓወት ንሓፋሽ (ገብረንጉስ መስመር)